# ሓባራዊ ዝኽሪ ፡ብኽብረ ንረዚን ሕድሪ

ንናጽነት ምዉሓስን ልእላዉነት ሃገር ንምኽባር ዝተኸፍሉ፡ብትንፋሶም ትንፋስ፡ፍቅሮም ብህይወት ዝገለጹልና ብዋጋ ዘይትመን ክብሪ ዝሃቡና ጀጋኑ ሰማእታትና ንምዝካርን ልዑል ኣኽብረቶም ንምርግጋጽ **ኣብ ዝኽርኹም ጽኑዓት ኣብ ሕድሩኹም ወትሩ ድሉዋት** ኣብ ትሕቲ ዝብል ሓባራዊ መንፈስ ኤርትራዉያን ነባሮ ስቱትጋርትን ከባቢኡን ካብ ካልኦት ርሑቕን ቀረባን ከተማታት ብዝመጹ ቀዳም 19.ሰነ.2010 ብክብ ዝበለ ስነ-ስርዓት ሓባራዊ ዝኽሪ ኣካይዶም።

ሓያሎ ጉዕዞ እግሪ ሰማእታት ዝፈጸሙ ብህዝባዊ መጎዓዝያን መኪናታትን ዝመጹ ብርክትዝበሉ ተሳተፍቲ ኣብ ዝተመደበ ሰዓት ኣብ Merkelpark Esslingen ተኣኻኺቦም። መምርሒ ኣሳናዳኢት ኮሚተ ብምኽታል ዝተፈላለዩ ገለጽቲ ጭርሖታት.ባንዴራታት ዕንባባታትን ሽምዓታትን ብምዕታር ብስሙርን ርጉእን ሰልፊ ብመራሕቲ ሃይማኖት ተመሪሖም ናብ **ሓወልትን ገረብን ስዉኣት** ከበቡ።ድሕሪ ናይ ሓደ ደቒቕ ናይ ሕልና ዝኽሪ ብጸሎትን ንቡር ፍትሓት መንፈሳዊ መዝሙርን ስብከትን መደብ ፈለመ።

ስዒቡ ኣቦ መንበር ማሕበረ ሰብ ኤርትራ ኣቶ ብርሃነ ምስግና ኣብ ዘስመየ መደር እዞም ነጻነትን ክብርን ዘረጋገጹልና ሰማእታትና ኣብ'ዛ ዕለት እዚኣ ጥራይ እንዝክሮም ዘይኮነስ ብመንጽር ልዑል ተግባሮም መዓልታዊ ክንዝክሮምን ክነኽብሮምን ይግባእ  ድሕሪ ምባል ብተግባራዊ ሓድነትና ነቕስናዮም ኢሉ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ዝተሳተፈ ሓላፊ ህዝባዉን ኮማዉን ጉዳያት ኣቶ ብርሃነ ዘርኡ፡ኤርትራ ዝሓተተቶ ዋጋን እተሰላስሎም ዘላ ህንጸት ሃገር መብርሂ ድሕሪ ምሃብ ዘጋጥም ዘሎ ተጻብኦን መሰናኽላት በዳሂ ምንባሩን ብስሙር መኸተ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ፈሺሉ እዩ ድሕሪ ምባል ሓድነትና ንምዝራግ መንነትና ንምብላል ንዝህቀን ግዳማዊ ይኹን ዉሽጣዊ ኩሉንትናዊ ተጻብኦታት ሎሚ እዉን ከም ትማሊ ብንቑሕን ተሳትፎ ትኩርነትን ክምከት ኣለዎ ኢሉ።ን20 ሰነ ኣመልኪቱ ድማ ነቶም በጃ ኩልና ሓሊፎም ሃገር ዘግዘሙና ብተግባር እንዝክሮምን ቃልናን ተግባርና ኣስሚርና ሕድሮም እንፍጽመሉን ማሕላና እነሐድሰሉ ዕለት ምኻኑ ኣስሚርሉ።

ኣቦ መንበር ማሕበረኮም ስቱትጋርት ኣቶ ገብረሚካኤል ሃብተማርያም ብወገኑ ኣሰር ስዉኣትና ተኸቲልና ሓድነትና ኣፈርዚንና ክብርናን ልእላዉነትናን ክነዉሕስ ነዛ ህያብ ስዉኣትና ዝኾነ ኤርትራ ዘይትድፈር ብልጽግቲ ሃገር ኣብ ምግባራ ግቡእ ኩሉ ዜጋ እዩ።ብወራር ዝተፈጥረ መሰናኽላትን ምዝንባልን ዝሓደጎ በሰላ ብጥሙር መኸተና ክነሕዊ ዘይስገር ሕድሪ ኣሎና።20 ሰነ መዓልቲ ጽንዓትን ሓበንን ምኻና ርዒምና ትርጉም ህላዌና ኣስተማቒርና ማሕላና፡ቃልና ሕድርና እነሐድሰላ ረዛን ዕለት እያ ብምባል ንማሕበረሰብ ኤርትራ ኣብ ኤስሊንገን ካብ ነዉሕ ዓመታት ክገብርዎ ዝጸንሑ መሰናድኦን እንግዶትን ብልቢ ኣመስጊኑ።

<u>**ሽምዓ**</u>

ሽምዓ ሽምዓ እንታ'ዩ ሚስጢርኪ

ይደንን ይሓስብ  የስቆርቅር የስተንትን

ይሓትት ይጥምት የማዕዱ ሚስጢርኪ ክፍንቅል

ስለምንታይ ትብጆ  ትመክኽ ትሓቅቕ።

ጸልማት ጸልማት'ዩ ገሃነም ዝዉሕጥ

ትፈርህ ትስንብድ ምፍጣርካ ትጸልእ

ንዓለም ተጽብባ ተሰፋኻ ትጽንቅቕ

ትጽሊ ትንበ ክትብጆ ክትሓልፍ

<u>ሽምዓ ደበኽ ትብል ንጸልማት ተልምስ</u>

ኣነ እየ ሽምዓ ዝመክኽ ዝሓቅቕ

ንጸልማት ቀንጢጠ እቲ ብርሃን ዝዕድል

ዕላማ'ዩ ሓልዮት ንቕድሚት ዝጥምት

ኣነ ተበጅየ ሓሊፈ ሕሰምኩም ክቕንጥጥ

<u>ዕላማዩ ዕላማይ ንጸልማት ገሊህ ንነብሰይ ዘሕቅቕ</u>

ተፈጢሩ እምበር ሽምዓ ንዓኺ ዝዉክል

ንሕሰም ንጸገም ብባህታ ብሓጎስ ዝቕበል

ጸግዒ ግፍዒ በደል ናይ ህዝቢ ናይ ሃገር

ተብጅዩ ሓልፉ ተጋጋላይ ተጋዳሊት

<u>ንብርሃን!ንናጽነት!ንሃርነት!ዝወደቑላ ኤርትራዉያን ብጾት።</u>

ነዛ ሽምዓ እትብል ግጥሚ ዘንበበ ወዲ 17 ዓመት መንእሰይ ዮናስ ተኽለ ፍልማዊት ሽምዓ ኣብርሂዋ።ኤርትራዉያን መንእሰያት ኤኽተርዲንገን ንዝተሰግረ ገድላዊ ህይወት ኣተዘካኽርን እትትርኽን ሙዚቃዊ ድራማ ምስ ኣቕረቡ፥ብማሕበርሰብ ኤርትራ ኣብ ኤስሊንገንን ማሕበረኮም ሽቱትጋርትን ንክብሪ ሰማእታት ዝተወፈያ ኣኽሊል ዕንባባታት ብሓላፊ ህዝባዉን ኮማዉን ጉዳያት ኣቶ ብርሃነ ዘርአን ወይዘሮ ደሃብ ብርሃንን ኣቶ ገዝሀይ ወልዱ ናብ ሓወልቲ ተነቢረን።ኣቶ ብርሃነ ዘርአ ምንባር ክታም ኣብ **መዝገብ ስዉኣት** ምስ ፈለመ ተሳተፍቲ ብመስርዕ ቀጺሎም። መስርሕ ምብጻሕ ገረብን ሓወልቲ ስዉኣትን ብዝኽሪ ሰማእታት ምስ ተዛዘመ ንዝሰፍሐ ቀጻሊ መደብ ናብ ክለብ ማሕበረሰብ ኤስሊንገን **ዳስ ጽንዓት** ኮነ።ኣብ'ዚ ን20 ሰነ ዝምልከት ንጀጋኑ ጅግንነቶም ዘንጸባርቕ ግጥምታት ቀሪቦም መዝሙራት ተሰሚያም። ከምኡው'ን ከም መቐጸልታ ሕሉፍ መኸተ ንዘይ ፍትሓዊ ብይን ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝኹንን ናብ ፕረሲደትን ባራክ ኦባማ ዝስደድ ናይ ተቓዉሞ ደብዳቤ ናይ ምክታም መስርሕ ተኻይዱ፡።

ኣብ'ዚ ረዚን ዝኽሪ ሓበን ማዕከን ስድራቤት ስዉኣት ንምክዕባት ዝዓለም ብርትዓዊ መሳተፊ ዋጋ ናይ ብመንዲል ተዓሚትካ ፍጹም ቅላም ምህራም ኩዕሶ ተኻይዱ ብዙሓት ኣዴታት ዝተሳተፋሉ ልዕሊ 70 ሰባት ፈቲኖም።መሬት ምስ ጸልመተ ካብ ቅስኑ ዝብል ብሽምዓ በሪሁ ዝተጻሕፈ ቃል ተበጊሶም ኩሎም ተሳተፍቲ ሽምዓ ብምብራህ ናይ ሽምዓ ሰልፊ ተኻይዱ። ኢድ ብኢድ ብምትሕሓዝ ብሓባር ጨሪሖም ብሃገራዊ መዝሙር ኤርትራን ዝኽሪ ሰማእታትን ረዚን ሓባራዊ ዝኽሪ ብምዕሩግ ኣገባብ ተዛዚሙ።ከም መቐጸልታ 19 ሰነ ንጽባሒቱ ሰንበት 20 ሰነ ድማ ናይ ሽምዓ ምብራህ ዝኽሪ ብምዕሩግ ኣገባብ ቀጺሉ።

**ብርሃን ናጽነትና ብኤለትሪካዊ ጸዓት ዘይኮነስ ብደም ስዉኣትና'ያ ትበርህ ዘላ!**

ማሕበረሰብ ኤርትራ ኣብ ወረዳ ኤስሊንገን።